# ኪኖ'ቲ ጸቢብ ኣጠማምታ ከነማዕዱ ኣሎና

ብዙሕ ኣንባባይ ኣይኮንኩን፡ ናይ ፖለቲካ ሰብ'ውን ኣይኮንኩን፡ ከም ኩሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመይ ተሰሊፈ፡ ብዓቕመይ ድማ ንእሽቶ መስዋእቲ ከፊለ ዝሰንከልኩ ኢየ። ብጋጣሚ ዝዳህሰስኩዎ ገለ ጽሑፋት ግን ስክፍታ ከይፈጠረለይ ኣይሓለፈን። ገሊኡ ንሓድሕዱ ዝጠቓቕዕ፡ ዝጸላለም፡ ንቀንዲ ኣንፈት ጉዕዞ ቃልሲ ህዝብና ዝሃሲ፡ ካብ ቀንዲ ሃገራዊ ጉዳይ ኣውጺኡ ናብ ጓል-መንገዲ ዘሐምብስን ኮይኑ ረኺበዮ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ፦ ትውልዲን ኣውራጃዊ መበቆልን እናጸብጸብካ፡ ወይ ውልቃዊ-ጽልኢ ዝመበገሲኡ ዝመስል ዘለፋታት እናዘውተርካ ምጽሓፍ ልሙድ ተርእዮ ይኸውን ኣሎ።

**በጃኹም ኣሕዋት ኤርትራውያን፡ ካብዚ ጸቢብ ኣመለኻኽታ'ዚ ወጺእና፡ ናብቲ ቀንዲ ሃንቀውታ ህዝብና ዝኾነን ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈልናሉን ዕላማታት ነተኩር!**

ኤርትራዊ ተጋዳላይ፡ ነታ ክብርቲ ሂወቱ በጃ ንምሃብ ናብ ቃልሲ ክጽንበር ከሎ፡ ከምኡ'ውን እቲ ኣብ ሕምብርቲ ጸላኢ ኮይኑ መስዋእቲ ዝኸፈለ ኤርትራዊ፡ ሓንቲ ዕላማ ጥራይ ኢያ ነይራቶ፦ **ናጻን ሓራን ኤርትራ ንምምጻእ።**

ኣብ ኩላተን ውድባት ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ እንኮላይ'ተን ዝዓበያ ውድባት ማለት፦ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ -**ተሓኤ**፡ ከምኡ'ውን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ - **ህግሓኤ**፡ ዝፈሰሰ ደምን ክቡር መስዋእትን፡ ብዓይኒ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሓደ ቅዱስ ዕላማ፡ ማለት ምእንቲ ናጽነት ኢዩ፡ ጻዕዳን ጸሊምን መስዋእቲ ተባሂሉ ዝፈላለየሉ ኣብነት ድማ የለን፡ እንኮላይ'ቶም ግዳያት-ኩናት-ሓድሕድ ኮይኖም ዝተሰውኡ። ኩላቶም ካብ ሓንቲ ማህጸን ስለ ናጽነትዝወጹ ደቂ ኤርትራ ኢዮም፡ ናብ ዝተፈላለያ ውድባት ኤርትራ ምስላፎም ድማ ሓጥያት ኣይነበረን። እንታይ'ሞ! ከምቲ ንሳቶም ዝሓለሙ'ዎ ኩሉ ብዘይ ኣበር ተፈጺሙ እንተዝኸውን ክንደይ ጸባ ምሰተና፡ መቓብሮም ድማ ምቐሰነ ነይሩ። እንተኾነ፡ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ብ'ደቂ-ሰብ ኢዮም ዝምርሑ'ሞ፡ ሰብ ድማ ፍጹም ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ'ዩ፡ እቲ ዝተረኽበ ኤርትራዊ ዓወት ኣብ ታሪኹ፡ ብዙሕ ጉድለታትን ኣበራትን ዝተራእየሉ፡ እዚ ድማ ዘገርም ኣይኮነን። ኣብ ቃልሲ-ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዝተራእየ ከነታት'ውን ኣይኮነን። ገሊኡ ጉድለታት፡ ብሰሪ ዘይብሱል ኣፈታትሓ ግርጭታት፡ ገሊኡ ድማ ብክቱር ገርሃዊ-ድሌት ምክልኻል-ሰውራ ዝመበገሲኡ ክኸውን ይኽእል። ካብ ተንኮል ወይ ምትህልላኽ ዝ'መንቀሊኡ ሃሰያ'ውን ኣይነበረን ክበሃል ኣይከኣልን።

ኩሉ ሰብ፡ ንድሕሪት ተመሊሱ ታሪኹ ከመዓራሪ ዝከኣል ነይሩ እንተዝኸውን፡ ነፍሲወከፍና፡ ኣብ ታሪኽና እንጣዓሰሎም ብዙሓት ፍጻሜታት ከነመዓራሪ ምፈተንና ኔርና። ምኽንያቱ፡ ዕድመ ወዲ-ሰብ፡ ንባዕሉ መምህር ስለዝኾነ፡ ኣብ ንእስነትካ ህንጡይ ስጉምቲ ምውሳድ ኣብ መብዛሕትኡ ዝኽሰት ተርእዮ ኢዩ። ኣብ እዋን 1960ታት ዝነበሩ መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ'ውን ካብዚ ጽልዋ'ዚ ሓራ ነይሮም ኢልና ክንሓስብ ኣይከኣልን።

ዝሓለፈ ሓሊፉ ኢዩ፡ ሓደ ደረጃ ድማ ንቕድሚት ሰጕምና፡ ናጻ ኤርትራና ኣረጋጊጽና ኢና። ሕጂ ድማ ንኤርትራዊ ዝሓቑፍ'ምበር፡ ብኣንጻሩ፡ ናብ ሓድሕድ ምጥርጣር ዘእቱን ዝፈላሊን ኣንፈት ኣይነምጽእ። ለበዋይ ድማ ዝያዳ ነቶም ኣብ መድርኽ ዝጽሕፉን ኣብ ህዝባዊ-ኣኼባታት ዘነሳጉሱን ኢዩ። ካብ ምጥርጣርን ፍልልያትን ዝረብሕ ኤርትራዊ የለን። ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ክህሉ የብሉን ማለተይ ኣይኮነን። እኳ'ድኣ፡ እዚ'ስ ንምዕባለ ሓጋዚ ኩነት ኢዩ። ኩሉ ግሉ-ሰብ ወይ ውድብ፡ በቲ ንሱ ወይ ውድቡ፡ ቅኑዕ ኢሉ ዝኣመነሉ ኩርናዕ፡ ንሃገሩ ከማዕብላ ክሓስብን ክዝቲን ከሎ፡ ናይ ኣረኣእያታት ሃብቲ ወይ ምርጫታት ይፈጥር። ህዝቢ ድማ ነቲ ኣውራ ዘርብሖ ምርጫ ክስዕቦ ባህሪያዊ ይኸውን። እቲ ብልጫ ናይ ብዝሐ-ሰልፋዊ ስርዓት እምበኣር ኣብዚ ኢዩ። እሞ'ኸ ሕጂ እንታይ ንግበር?

## ኪኖ'ቲ ጸቢብ ኣጠማምታ ከነማዕዱ ኣሎና።

*ብሸመይ ኢና ካብዚ ጸቢብ ኣጠማምታ ወጺእና ናብ ብሩህ መጻኢ ክንማዕዱ እንኽእል?*

## 1) ሰላምን ዕርቂን ኣብ ውሽጥና ምስፋን

**ነዚ ምዕራፍ'ዚ ከም ቀዳማይ ዝሰራዕኩሉ ምኽንያት፡ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዓለምና፡ ንዕርቂን ሰላምን ከም ኤርትራዊ ገይሩ ዝብህጋን ዝምነያን ንለዘየለ ኢዩ።** ወድ-ሰብ ካብ ጌጋ ሓራ ኣይኮነን፡ ንጌጋ ብጌጋ ምፍትታኑ ግን ሳዕቤኑ ከቢድ ኢዩ፡ ሰላም ድማ እናተዘርገን እናረሓቐን ይመጽእ። እቲ ንልዕሊ 30-ዓመታት ዝኸፈልናዮ ሓባራዊ መስዋእቲ ልዕሊ'ቲ ኩሉ ተፈጺሙ ዝበሃል ጉድለታት ኢዩ። ምእንታኡ'ኳ ይቕረ ክንበሃሃል ግቡእ ኢዩ። ሰላም ናይ ኩሉ ብእግዚኣብሔር ዝኣምን ድሌት ኢዩ። ሰላም እንተሎ ፍቕሪ ኣሎ። ፍቕሪ እንተሎ ድማ ምትሕልላይን ምዕባለን ኣሎ።

**ንኣብነት ክኾነና፡-** ኣብ ናይ ቀረባ ዘመንና ዝዝከር፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝነበረ ገፋዒ ዓሌታዊ ፈላላዪ ስርዓት ኢዩ። ብሳላ ውሕሉል ኣጠማምታ ኔልሰን-ማንዴላን ኣባታዊ ጻውዒት ኣቡን ደዝሞንድ-ቱቱ'ን ግን፡ መላእ ሃገር ናብ ናይ ዕርቂን ይቕረ ምባልን ኣትያ። ውጽኢቱ ድማ ሰላምን ራህዋን ኮይኑ። ኣብ ጉዳይ ሱዳን እንተመጻእና ድማ፡ ጉዳይ ሰሜናዊ-ምብራቕ ሱዳንን ጉዳይ ደቡብ ሱዳንን፡ ኣብ መንጎ ተቓወምቲን መንግስቲን ሱዳን ዝተወሰደ ናይ ዕርቂ ስጉምቲ፡ ኣገናዕ ክበሃል ዝግብኦ ኢዩ፡ እቲ መንግስቲ ዘርኣዮ ዘይሕለል ድሌት ንሰላም'ውን ክምጎስ ዝግብኦ ኢዩ። ኣብ ጉዳይ ዳርፉር'ውን ተመሳሳሊ ፍረ ክርከብ ናይ ኩሉ ደላይ ሰላም ሃንቀውታ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ'ውን ዕርቂ የድልዮ ኣሎ፡ እወ ዕርቂ ኣብ መንጎ በትረ-ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ስርዓትን እቶም ተቓወምቲ ውድባትን። ንሓድሕድና ተነዓዒቕናን ተተፋኒንናን ምንባር ንኤርትራዊ ኣየርብሕን ኢዩ።

**ተበግሶ ዕርቂ ብሸመይ ዝብል ሕቶ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክለዓል ባህሪያዊ ኢዩ።** ህዝቢ ኤርትራ፡ ደቁ ንምስማር ኣብ እዋን ቃልሲ (1974-75 ኩናት ሓድሕድ) እውን ፈቲኑ ኢዩ፡ ብሳላ ጻዕሩ ከኣ ብዙሕ ደም ካብ ምፍሳስ ድሒኑ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ እንደገና ኩናት ሓድሕድ ተባሪዑ ናይ 1981 ኩነታት ተፈጢሩ፡ ካብ ሽዑ ክሳብ ሕጂ ድማ ሳዕቤናቱ ኣሎ። ኣብ ጽባሕ-ናጽነት-ኤርትራ ዕርቂ ክግበር ነይሩዎ። እንተስ ብክቱር ንዕቀት፡ እንተስ ሳዕቤናቱ ብግቡእ ካብ ዘይምግምጋም ግን ኣይተገብረን። ኣብ 2001 ዘጋጠመ ዘይምቅዳው ሓለፍቲ ኣባላት ባይቶን ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲን፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ንዕርቂ ዝፈተኑ ዓበይቲ ዓዲን መራሕቲ ሃይማኖትን እውን ጸማም እዝኒ ገጢሙዎም፡ ከም ዝተኸስረ ዕድል ድማ ክውሰድ ይከኣል።

**ዕርቂ ንምምጻእ ክንሕለል ኣይግባእን። ዕርቂን ፍቕሪን ብምትሕልላው ወይ ብግበረለይ ክገብረልካ ኣይመጽኣን ኢየን።** ዕርቂ፡ እቲ ተበዳሊ ብዝወረዶ በደል ይቕረ ንምባል ድሉው ክኸውን ከሎ፡ እቲ በዳሊ ድማ ብዝፈጸሞ ጉድለት ተኣሚኑ ይቕረታ ክሓትት ድሉው ምስዝኸውንን ኢ.ያ ትመጽእ። ልክዕ'ዩ፡ ሰብ፡ ሕጊ ይፍረደኒ ኢሉ ከም ምርጫ ክወስዶ ይኽእል ኢዩ፡ እንተኾነ ግን ሕጊ ንሓደ ወገን ዘርብሕ መደምደምታ ጥራይ ኢዩ ዝገብር፡ ካብ ልቢ ዝነቐለ ነባሪ ስኒት ድማ ኣይፈጥርን። ስለዚ ዕርቂ ኣማራጺ የብሉን፡ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኢዩ ኣብቲ ሃብታም ያታዊ ኤርትራዊ ባህሊ ብሰፊሑ ዝዝውተር።

**ዕርቂ፡ ክውንነት ብምኽሓድ ኣይትመጽእን ኢ.ያ።** ኤርትራዊ ክውንነት፡ እንኮላይ ህላወ ዝተፈላለያ ውድባት፡ ምትሃት ወይ ደቂ-ሕድርትና ከምዘይኮና ብሓቂ ምእማን ኣድላዪ ኢዩ። ዝተፈላለዩ ኣባላት ሓንቲ ስድራቤት ተኾራርዮም ካብ ገዛ ወጺኦም ዝሕክሉ ከምዘጋጥም ጌርካ ድማ ክውሰድ ኣለዎ። እታ ገዛ ናይ ኩሎም ኢ.ያ፡ ፍልልያቶም ዓቂቦም፡ ንሓድሕዶም ድማ ተጸዋዊሮም፡ ብሓባር ናይ ምንባር ባህሊን ልምዲን ክኹስኩሱ ድማ ኣለዎም። ስለዚ ኸኣ፡ መንግስቲን፡ ኣቶም ተቓወምቲን፡ ሃገራዊ ዕርቂ ኣብ ምምጻእ ዘይተደረተ ጻዕሪ ክርእዩ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ጸባ ከስትዩዎን፡ ንመስዋእቲ ሓርበኛታትና ድማ በዚ ክድብስዎን፡ ይግባእ።

**ተራ ህዝቢ ኣብ ምምጻእ ዕርቂ ኣዝዩ ወሳኒ ኢዩ።** ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ወጻኢ.ን ዝርከብ ኤርትራዊ ብሓባር፡ ብሽማግለ ደረጃ ተወዲቡ፡ ንኩሎም ለባማትን መራሕቲ ሃይማኖታትን ሓዊሱ፡ ብሓደ ናይ ዕርቂ መደብ

እንተዝብገስ ክንደይ ሰናይ ምኾነ። ንጉዳይና፡ ንንፋስ ካብ ምሃብ ድማ ምደሓንና። ህዝቢ ኤርትራ ይቕረ ንምባል ድሉው ኢዩ፡ መንግስቲን ውድባትን ጥራይ ኢዮም ኣብ መስርዑ ምምጻእ ኣብዮም ዘለዉ። መን ኣሎ ዘይሓዝን፡ መንእሰያትና ኣደዳ ስደት፡ ግዳያት ምድረበዳን ዓሳታት-ባሕሪን ክኾኑ ከለዉ? እሞ ሃየ ሃገርና ኤርትራ ንሕለየላ! ብኸመይ? ዘየላቡ ዕርቂ ብምስፋን። **እቶም ሰናይ ድሌት፡ ተሰማዕነትን ዓቕሚን ዘሎኩም ግዱሳት ኤርትራውያን፡ ተበግሶ ክትወስዱ፡ ናይ ዕርቂ ሽማግለ ንምውዳብ ድማ፡ ንሓድሕድኩም ክትራኸቡን ክትተሓባበሩን ይጽውዕ።** ኩሉ ኤርትራዊ ድማ ብሙሉእ ሓይሉ ክደፍኣሉ ይምሕጸን።

## 2) ተሪፉና ዘሎ ጉዕዞ ምትካል ቅዋማዊ ህዝባዊ መንግስቲ ክውን ንምግባር ንቃለስ፡

**ቅዋማዊ መንግስቲ ምትካል ማለት፡** ብቅዋም ዝቕየድ መንግስቲ ምምስራት ማለት'ዩ። ህዝቢ ብናጻ ድምጹ ብዝመረጾም ወከልቱ ኣቢሉ ዝመሓደረሉን፡ ንሳቶም ድማ ተመሊሶም ነቲ ዝመረጾም ህዝቢ ተሓተትቲ ዝኾኑሉን ኣገባብ ኢዩ። እዚ ልምዲ'ዚ ኣብ ኤርትራ ሓድሽ ኣይኮነን፡ ነዊሕ ታሪኽን ልምድን ህዝብና፡ ካብ ብደረጃ ዓድታት ዝነበሩ ባይቶታቱ ኣቢሉ ዝመሓደረሉ ዝነበረ ኣገባብ ኢዩ። ሳላ ሰውራ ድማ፡ ካብ ኣብ እዋን 1940ታት ክሳብ'ዚ ሕጂ ዘሎናዮ እዋን፡ ብዛዕባ'ዚ ሃብታም ተመኩሮ ኣለዎ። **ዲሞክራሲ ምስ ደረጃ ምዕባለ ሕብረተሰብ እናማዕበለ ዝኸይድ፡ ግን ከኣ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃ ምዕባለ ሕብረተሰብ ክህሉ ዘለዎ፡ ዘይሕከኽ መሰል ደቂ-ሰብ ኢዩ።** ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብቲ ኣብ 1948 ዝጸደቐ ኣህጉራዊ ውዕል ኣድማሳዊ መሰላት ደቂ-ሰብ (Universal Declaration of Human Rights) ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ።

ኣብ ኤርትራ *ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ* ምትካል፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕላማታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ህግሓኤ1977)፡ *ምትካል ብዝሐ-ሰልፋዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ* ድማ ኣብ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤ ህግሓኤ 1987 ዝጸደቐ፡ ኣብ *ምትካል ቅዋማዊ መንግስቲ* ድማ ኣብ 3ይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሒን (ህግደፍ) ኣብ 1994 ዝጸደቐ መሰጋገሪ ሃገራዊ ቻርተር ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ንሃገረይ ምምሕዳር የብቅዓኒ ኢዩ ዝበሎ *ሃገራዊ ቅዋም ድማ ኣብ 1997 ኣጽዲቑ*፡ ናብ ምትግባሩ ድማ ክሸባሸብ ጀሚሩ። ሕማቕ ድል ኮይኑ ዶባዊ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ ኣብ 1998 ተወሊዑ። ኣብቲ ውዕዉዕ ናይ ኩናት ህሞት ድማ ቅዋም ንምትግባሩ መድርኻዊ ጠለብ ኣይነበረን። ድሕሪ ኩናት ደው ምባሉ (2001)'ን ውሳኔ ብይን ጉዳይ ዶባዊ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ (2002)'ን ግን፡ ናብ ተዛማዲ ንቡር መድርኽ ኣቲና።

ክሳብ ሕጂ (2011)፡ ማለት 20 ዓመታት ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ቅዋምና ከነተግብር ኣይከኣልናን። ገለ ካብ ቀንዲ ዝቐርብ ምኽንያታት፡- (ሀ) ኣብ ዘይንቡር ኣይ-ኩናት ኣይ-ሰላም ኩነታት ስለዘሎና፡ (ለ) ብመጀመሪያ እቲ ንዲሞክራሲ ዘድሊ ትካላት ኣብ ባይታ ክንጸፍ ኣለዎ፡ (ሐ) ሰብ ማሕበራዊ ጠለባቱ፡ ማለት ጥዕና፡ ማይ፡ ትምህርቲ፡ መጓዓዝያ፡ መግቢ፡ ..ወዘተ እንተደኣ ተማሊኡ ኪኖኡ እንታይ መግለጺ ናይ ዲሞክራሲ ወይ ምዕባለ ኣሎ፡ ዝብል'ዩ።

ማሕበራዊ ሕቶታት ምፍታሕ ጥራይ ንመሰላት ህዝቢ ሙሉእ ኣይገብሮን። ናይ ሓደ ሃገር ህዝቢ፡ ልክዕ ከም ነዳዲ እናመላእካያ ትኸይድ መኪና፡ ከብድኻ ጥራይ ምምላእ ኣኻሊ ኢዩ ምባል ኣንጻር'ቲ ዘይንጸል ባህሪያዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ምኻድ ኢዩ። ህዝቢ ሓደ ሃገር፡ ዝሃብኩኻ ሰኒቕካ ጥራይ ኪድ ተባሂሉ ክተሓዝ ዝግብኦ ግውዝ ፍጥረት ወይ እንስሳ ኣይኮነን። ስለዚ ኤርትራዊ፡ እቲ ዝግብኦ ዘይንጸል ባህሪያዊ መሰል ናይ ብዝመረጾ ኣካል ናይ ምምሕዳር መሰሉ፡ ናብ ኢዱ ክርከቦ ህሉው መድርኽ ዝጠልቦ ሕቶ ኢዩ።

ህዝባዊ ግንባር ኣብ ታሪኹ፡ ዋላ'ውን ኣብቲ ርሱን ጥምጥም ዝካየደሉ ዝነበረ ናይ ቅድሚ-ናጽነት ዓመታት፡ እቲ ንቡር ኣኼባታቱን ጉባኤታቱን ኣይረስዐን። ኩናት ምስ ኢትዮጵያ ደው ምስ በለ እንተኾነ'ውን ብዙሓት ዞባዊያን ኣኼባታትን፡ ብሃገር ደረጃ ዝተወደቡ ሰፋሕቲን ብርክት ዝበሉን፡ ናይ ማሕበራዊያን ሓይልታት ጉባኤታትን ኮንፈረንሳትን ተራእዮምን ይርኣዩን ኣለዉ። ትግባረ ቅዋማዊ መንግስቲ፡ ካብዚ ንከምዚ ዝኣመሰለ ምድላዋት ንላዕሊ ዝጠልቦ ኩነታት ዝህሉ ኣይመስለንን፡ እንተሃለወ እውን ግድን ክግበር ዘለዎ ኢዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 9 — 10 ዓመታት ድሕሪ ደው ምባል ዶባዊ-ኩናት፡ ትግባረ ቅዋም ብዕቱብ ክስራሓሉ ነይሩዎ።

ምትካል ቅዋማዊ መንግስቲ፡ ሓደ ካብቲ ስዉኣት ጀጋኑ ን'ህግደፍ ዘንበሩሉ ዝለዓለ ሓላፍነት ኢዩ፡ ስለዚ ከኣ ንምትግባሩ *'ኩሉ ኣባል ህግደፍ ኢየ በሃሊ'* ክሓተሉን ንትግባረኡ ክጸቕጠሉን ይግባእ። ኩሉ ሕልና ዘለዎ ኤርትራዊ ክሓቶ ዘለዎ ሕቶታት፦ ህግደፍ፡ እቲ ጉባኤ ዘንበረሉ ስሩዕ ኣኼባታት ናይ ምክያድ ሕእላፍነት በብደረጃኡን እዋኑን የካይድ'ዶ ኣሎ? እንተኾይኑ ድማ ነቲ መድርኻዊን እዋናዊን ጉዳያት ክዝትየሉን ከተግብሮን ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ምስዘይገብር ግን ሓላፍነት ግንባር ዝጠለመ ወይ ዝለመሰ መሪሕነት ግንባር ካብ ምኻን ብምንታይ ይፍለ? ህግደፍ ከም ንቡር ውድብ ወይ ግንባር ኣሎ'ዶ ክንብል ንኽእል? **ብዘይ ዲሞክራሲያዊ ማእከልነት ዝቐመ ውድብ ወይ ግንባር'ከ፡ እንታይ ዓይነት ውድብ ክበሃል ይከኣል?** ማለት፡ ኣብ ውሽጡ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ዘይብሉ ውድብ ወይ ግንባር'ከ፡ ኣብ ሃገር ነጸብራቕ ዲሞክራሲ ከስርጽ ይኽእል'ዶ? እቲ ጸገም ኣበይ ኢዩ ዘሎ? መልሲ ንኩሉ ሕልና ዘለዎ ኤርትራውን ኣባል ህግደፍ'ን ይሓድግ።

## 3) ልዕልና ሕጊ ኣብ ኤርትራ ምርግጋጽ

**ልዕልና ሕጊ ምርግጋጽ ማለት፡** ሕጊ ልዕሊ ኹሉ ኮይኑ፡ ንኹሉ ዜጋ (ማለት፡ ብሄሩ፡ ሃይማኖቱ፡ ቃንቃኡ፡ ተራ፡ ሓላፊ ብዘየገድስ)፡ ብማዕረ ዝጥምተሉን ዝገዝኣሉን ኩነታት ማለት ኢዩ። ሓደ ኣብ ልዕሊ ካልእ ዜጋ ናይ ዕምጸጻ ወይ ራዕዲን ሽበራን ክፈጥር ኣይፈቅድን። እዚ ኩነት'ዚ ኣብቲ ምዕቡል ዓለም ዝስራሓሉ፡ ኣብ ሃገራዊ ያታና (ባይቶ ዓድታት'ውን) ዝነበረ ኢዩ። ኣብተን ገና ዲሞክራሲ ሙሉእ ብሙሉእ ዘይተኣታተወለን ሃገራት ኣፍሪቃ እንተኾነ'ውን፡ ልዕልና ሕጊ ክሰርሕ ዘይርአ ኣይኮነን። ንሕና ኤርትራዊያን፡ ምስቲ ዝኸፈልናዮ ከቢድ መስዋእቲን ዝነበረና ቅዱስ ባህግን፡ ልዕልና ሕጊ ልዕሊ ኩሉ የገድሰና።

**ማዕረ'ቲ ኣገዳስነቱ እምበኣር፡ ልዕልና ሕጊ ንምርግጋጽ፡ ፍርዳዊ ትካል ብዋና ኣኽባር ሕጊ ይምራሕ። ዋና ኣኽባር ሕጊ ድማ ብጉባኤ'ምበር ብፕረዚደንት ኣይምረጽን።** ማለት፡ ፕረዚደንት ኣብ ጉዳያት ኣኽባር ሕጊ ጣልቃ ናይ ምእታው ስልጣን ኣይህልዎን። ፍርዳዊ ኣካል፡ እምበኣር፡ ሓደ ካብተን ብማዕረ ስልጣን ዝምስረታ ትካላት ቅዋማዊ ህዝባዊ መንግስቲ ኢዩ። እዚ ስልጣን'ዚ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብዚ እዋን'ዚ የለን። ኣብ ካልእ ትንታነታት ከይከድና፡ **ህላወ ፍሉይ-ቤት-ፍርዲ፡ ጸረ-ዲሞክራሲን ኣንጻር ልዕልና ሕጊን ኢዩ።**

ተሸቑሪርና ክንከይድ፡ ርእስና ከነድንን፡ ርእስና ንከላኸለሉ ፍትሒ ክንፈገና ፈጺሙ ኣይግባእን። ኩሉ ሰብ ብሰላም ኣብ ዓዱ ናይ ምንባር፡ ካብ ዓዱ ናብ ካልእ ዝደለዮ ሃገር ናይ ምጋሽን፡ ተመሊሱ ናብ ሃገሩ ናይ ምእታውን መሰል ክህልዎ ኣለዎ። ሰብ ሓሳቡ ናይ ምግላጽ ናጽነት ክህልዎ ኣለዎ። ብዝኾነ ኣካል፡ ብጸቕጢ፡ ኣብ ዘይኣምነሉ ክውደብ ብሕጊ ውጉዝ ክኸውን ኣለዎ። ዝኾነ ዜጋ፡ ናይ ምእካብ መሰል፡ ብኣኼባን ጽሑፍን ዝኣምነሉ ዕላማ ወይ እምነት ናይ ምዝውታርን ምስባኽን ናጽነት ክንፈጎ የብሉን። ዝኾነ ዜጋ፡ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ኮይኑ ክሳብ ዘይተረኽበ፡ ከም ገበነኛ ተቖጺሩ ናብ ማእሰርቲ ክዳጎን የብሉን። ዝኾነ በዓል ስልጣን ንዝተነብረሉ ሓላፍነት ብግቡእ ምስዘይጥቀመሉ፡ ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

ልዕልና ሕጊ እምበኣር፡ ብሓፈሽኡ ብከምዚ ዝተዘርዘረ ክንርድኦ ይግባእ። **ብዘይ ቅዋማዊ ህዝባዊ መንግስቲ ድማ ልዕልና-ሕጊ ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣይክእልን። ኣብዚ እዋንዚ ልዕልና-ሕጊ ኣሎ ኢልካ ምስባኽ፡ ንህዝቢ ካብ ምትላል ሓሊፉ ካልእ ሚስጢር የብሉን።** ኣብ ለካቲት 2010፡ 'ዋና ኣኽባር-ሕጊ' ኣቶ ኣለምሰገድ ሃብተስላሰ፡ ንኣገባብ ኣሰራርሓ ኣብያተ-ፍርዲን ህላወ ልዕልና-ሕጊ ኣብ ኤርትራን ኣመልኪቱ፡ ኣብ መደባት ኤሪ-ቲቪ፡ ናይ ቃለ-መጠይቕ መደረታት ከምዝሃበ ዝዝከር ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ንዘሎ ኤርትራዊ ግን፡ እቲ ዝበሃል ምስቲ ብግብሪ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ፈጺሙ ዘይላገብ ምዃኑ፡ የዐርዩ ስለዝፈልጥ፡ ዝደናገር ኣይመስለንን። ነቲ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ኤርትራዊ ግን ብሓቂ ኣዳናጋሪ ምስሊ ንምሃብን ንምትላልን ዘይክእል ኣይኮነን።

## 4) ኤርትራዊ ብዘይ-ኣፈላላይ፡ ዋና ጉዳዩ ከምዝኸውን ምርግጋጽ፡

ኤርትራ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ኢያ። ኤርትራውያን ድማ ዋና ጉዳይና ክንከውን ኣሎና። እዚ ማለት ድማ፡ ብመንገዲ'ቲ እንምስርቶ ቅዋማዊ ህዝባዊ መንግስቲ ኣቢልና፡ ብመንገዲ ወኪላትና፡ ንሃገርና፡ ዞባናን ከምኡ'ውን ንሂወትና ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት ብድምጽና ውሳኔ ክንህብን (ከነጽድቕ ወይ ክንነጽግ) ክንክእል ማለት ኢዩ።

ህዝቢ፡ በብዞባኡ ወይ ዓዱ፡ ዝምእምኦ ስለዝፈልጥ፡ ድሌቱ ወይ ርእይቶኡ ክጉዕጸጽ የብሉን። ጉዳይና ከም ኤርትራዊያን ብናጻ ነረጋግጸሉ መድርኽ ኣብ ምምጻእ ድማ ንኹልና ኤርትራውያን ዝምልከት ኮይኑ፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ኣባላት በትረ-ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ህግደፍ ዝኾኑ ክቃለሱሉ ዝጠልብ ኩነታት ኢዩ።

## 5) ሃገርና ክንሃንጻን ምስተን ዝሰልጠና ሃገራት ክንሰርዓን፡

እወ፡ ምህናጽ ሃገር ኣዝዩ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ንበይኑ ተነጺሉ ግን ክኸይድ ኣይክእልን ኢዩ። ህንጸት ሃገር ብምንጻፍ ትሕተ-ቅርጽታት ጥራይ ክግለጽ የብሉን፡ ድምር ናይ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራዊን ፍትሓዊን ምዕባለታት ኢዩ።

ኣብ መንጽር ትሕተ-ቅርጺን ማሕበራዊን መዳያት፡ ምዕባለታት ይርኣዩ'ኳ እንተሃለዉ፡ እቲ ኣሉታዊ ሳዕቤናቶም ግን፡ ብወጽዓ ናይተን ጠዋሪ-ዘይብለን ዝተገድፋ ስድራቤታት ይካየዱ ምህላዎም ኢዩ። ኩሉ ኣፍራዱ ዓቕሚ ስድራቤታት ኣብ ማሕዩር ሃገራዊ ኣገልግሎት ተጸሚዱ ስለዝርከብ። ይኹን'ምበር፡ ክከሓዱ ዘይብሎም ምዕባለታት ኣብ ዝርግሐ ትሕተ-ቅርጺ (ጽርግያታት፡ ትካላት ትምህርቲን ጥዕናን፡ ከምኡ'ውን ኣገልግሎታት ዝስተ-ማይ) ኣብ መላእ ሃገር ከምዘለዉ ኩሉ ብኣወንታ ክጥምቶ ዝግባእ ይመስለኒ። ብሓገዝ ግዱሳት ኤርትራዊያን ኣብ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚ ሃገርና፡ ብፍላይ ከኣ ጥዕና፡ ዝምዝገቡ ዘለዉ ምዕባለታት ክምጎሱ ኣለዎም። ካልኦት ሞያውያን እውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱን ነቲ ንፍርቂ ዘመን ብኩናት ዝተሃስየ ህዝብና ጸገማቱ ኣብ ምቅላል ክዋስኡን ኣገዳሲ ኢዩ። ነቶም ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ዝነበርና፡ ነቲ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነበረ ኣዝዩ ብኩናት ዝተዳኸመ ኩነታት ናብራ (ብፍላይ ሰበኽ-ሳግም ክፋል ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ)፡ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ብፍላይ ከኣ ትምህርቲ ምስ እነወዳድር፡ ዘተባብዕ ምዕባለ ኢዩ ዝርአ ዘሎ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ድማ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዕባለታት ክጎናደብ የብሉን።

እቲ ፖለቲካዊን ፍርዳዊን መዳያት ኣብ ስልጣነ-ሃገር ዝህልዎ ጽልዋ ወሳኒ ኢዩ። ኣብ ምቅልጣፍን ምድንጓይን ድማ ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ኣብ ላዕሊ ስለዝተዘርበሉ ግን ምድጋም ከይከውን።

ብሓፈሻ ቁጠባዊ ሂወት ሃገርና ገና ህሱይ ኢዩ ዘሎ። መሊኡ ክምዕብል፡ ማዕረ ስልጡናት ሃገራት ክንስራዕ እንተኾንናን ድማ፡ እቲ ሃገርና እትጠልቦ ንቡር ቅዋማዊ ስርዓት የድልየና ኣሎ። መንግስቲን እቲ ንዕኡ ዝመርሕ ዘሎ ህግደፍ'ን ድማ ኣብ ልቦም ክምለሱ ይጽውዕ። ካብዚ ብዘይፍለ፡ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ይኹን ወጻኢ ዝርከብ ኤርትራዊ፡ ትካላት ሃገርና ብዓቕሙ ንምምዕባል ዝወስዶ ዘሎ ተበግሶ ክተባባዕ ኣለዎ ይብል። ከም ፖለቲካዊ መባድልቲ ተራእዩ፡ ህዝብና ክውጻዕ ትም ኢልና ክንርኢ ኣይግባእን። ኩሉ ቃልስና ንዲሞክራሲ፡ ሰላማዊን ጉዕዞኡ እናቐጸለ፡ እቲ ሃገርና ናይ ምህናጽ ተበግሶ ድማ ማዕረ-ማዕሪኡ ክስስን ኣለዎ።

## 6) ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ፡ ክምዕብል ክንጉስጉስን ከነተባብዕን ኣሎና፡

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ዳርጋ ሓደ-ሲሶ ኤርትራዊ ኣብ ሃገረ-ስደት ኢዩ ዘሎ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ዋሕዚ ንስደት፡ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት፡ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ እናገደደ ይኸይድ ኣሎ። ስደት ማለት፡ ቅሱን ሂወት ምሕላፍ ማለት ኣይኮነን። እቲ ክብሪ'ስ ኩሉ ግዜ ኣብ ሃገርካ ኢዩ ዝርከብ። ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ግን ኤርትራዊ ካብ ሃገሩ ይነፍጽ ኣሎ። 'ናብራኡ ንምምሕያሽ'ዩ' ተባሂሉ ይምኽነየሉ ይኸውን። እቲ መልሲ ግን፡ እቲ ወርቃዊ ዕድመኡ፡ ብልጭታ መስተርሆት ስለዝሰኣነሉ--መዋእሉ ኣብ ኣገልግሎት ክቑረን ስለዝተፈርደ፡ ካልእ ኣማራጺ ድማ ብምስኣኑ ኢዩ። ስለዚ፡ ስደት ከም መፍትሒ ክወስድ ተገዲዱ።

ኣብ ሃገረ-ስደት፡ ኩሉ ኢዩ ዘሎ። ማለት ጽቡቕ ከምኡ'ውን ሕማቕ። ኣብ ሕማቕ ዝወድቁ መንእሰያት ብዙሓት ኢዮም። ስለዝኾነ፡ ኩሉ ተመኩሮ ዘለዎ ኤርትራዊ፡ ከምኡ'ውን ማሕበረ-ኮማት ኤርትራውያን፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ክመሃር፡ ነቲ ዘሎ ዕድላት ብግቡእ ክጥቀመሉ ከምዘለዎ ክምዕዳን፡ ኣኼባታት ብምውዳብ፡

ኣብነታዊያን ሰባት እናቕረባ ከተባብዓን ይግባእ። እቲ ዘሎ ዕድላት ድማ ነቶም ዝምልከቶም መንእሰያት እኹል ሓበሬታ ከስንቓ ይግባእ። ብሰንኪ ስእነት ሓበሬታ ዝገብሩዎ ዝጠፍኦም ውሑዳት ኣይኮኑን። እዞም መንእሰያት'ዚኦም፡ ጽባሕ ኤርትራ ንዓታቶም ኢያ፡ ንሕና ኣብ ቀረባ ከየድቲ ኢና። ኤርትራ ካባታቶም እትጽበዮ ብዙሕ ኢዩ፡ ንሳቶም'ውን ካብ ኤርትራ ብዙሕ'ዮም ዝጽበዩ።

## 7) ፖለቲካዊ ፍልልያትና ብዘየገድስ ከም ህዝቢ ብሓደ ኮም ንጠርነፍን ባህልና ንዓቅብን፡

ባህሊ ሓደ ካብ ቀንዲ መለለዪ ሃገራዊ መንነትና ኢዩ። ብፍላይ ነቶም ኣብ ሃገረ-ስደት እንርከብ ኤርትራዊያን ድማ ከቢድ ብድሆ ይገጥመና ኣሎ፡ ባህልና እናሃሰሰ ይኸይድ ኣሎ። ጽባሕ ንግሆ ደቅና ኤርትራዊያን ኢና ካብ ምባል ሓሊፎም ነቲ ክቡር ኤርትራዊ ክብሪ ክመሃሩዎ ኣይኮኑን።

ኣብ ሓደ ከተማ ዝተፈላለያ ማሕበረኮማት ኤርትራዊያን ክትርኢ ንቡር ኮይኑ ኣሎ። ብትሒም ትሒም 'እዚኣ ናይ ህግደፍ እቲኣ ድማ ናይ ተሓኤ ...ወዘተ' እናተባህላ ይፈላለያ። እቲ ዘገርም፡ ኣብ ቅነ ሃገራዊ ፌስቲቫላት (ንኣብነት መዓልቲ ናጽነት፡ መዓልቲ ሰማእታት፡ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና)፡ ህግደፍ ንበይኖም ፌስቲቫል ይውድቡ፡ ካልእ ሰብ (ዘይ ኣባል ህግደፍ ዝኾነ ሰብ) ድማ ካብ ኣፍደገ ባህሪሩ መታን ክምለስ፡ ኣብ ኣፍደገ ቀጽሪ ናይቲ ፌስትቫልን ፈቓድኡ'ን ኣርማ ህግደፍ ማዕረ ባንዴራ ኤርትራ ከምዝንበልብላ ይግበር። እቲ ኣወዳድባ በቲ ወኪል መንግስቲ ሃገረ-ኤርትራ ኢዩ ዝካየድ፡ እዚ ድማ ሓደ መርኣያ ናይ ጸቢብ ትሕተ-ሃገራዊ ኣጠማምታ ካብ ምዃን ሓሊፉ እንታይ ክቑጸር ይከኣል። እንተስተውዒልኩም፡ እዚ ነገር'ዚ ኣብ ኩለን ከተማታት ሃገረ-ስደት ዝርከቡ ኤምባሲ ሃገረ-ኤርትራ ዝዋቀሙሉ ኣገባብ ኢዩ። ካብ ዓዲ፡ ኮነ ተባሂሉ ብዝወሃብ መምርሒ ድማ ይመስል። ሓደ ኤምባሲ፡ ንኩሉ ሃገራዊ ዜጋ፡ ብዘይ ኣፈላላይን ብማዕረን ክሳትፎምን ክሓቑፎምን ምተገብኣ፡ እዚ ግን ኣብ ኤምባሲታት ሃገረ-ኤርትራ ኣይሰርሕን ኢዩ። ካብ 'ኤምባሲ' ምባሉ ድማ ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ምባሉ ምሓሸ። ስለዝኾነ፡ እቶም ዘይኣባላት ህግደፍ ዝኾኑ ኤርትራዊያን፡ ናቶም ጽምብላት ክውድቡ ምርኣይ ኣየገርምን። እሞ መን'ዩ ኣንጻር ሓድነት ህዝቢ ዝኸይድ ዘሎ? ህግደፍ'ዶ ወይሲ ካልኦት? መልሲ ንተዓዘብቲ ይገድፎ።

ከም ርእይቶይ፡ እቲ ከም ሃገራውያን ዝጠምረና ዓበይቲ ሃገራዊ በዓላትና፡ ኩላትና ክንሸባሸበሉን ክንሳተፎን ኣሎና፡ ኣብ ሓደ መኣዲ። ናይ ፖለቲካ ፍልልያትና ብዘየገድስ። ደቅናን ነብስናን ድማ ባህልና ክነስተማቕሮን ክነማዕብሎን፡ ናብ ደቅና ክነሰጋግሮን ክንኮርዓሉን ኣሎና። ኣገደስቲ ዝኾኑ ሞያዊን ትምህርታዊን ሰሚናራት ክውደቡን ክካየዱን፡ ምስ ምዕባለ'ውን ከም ብኮሙኒቲ ዝቖመ ፌስቲቫል መጠን፡ ንዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ፡ እንክላይ ወከልቲ ህግደፍ፡ ኣኼባ ዘካይድሉ ስልጡን መድረኽ ክኸፍት ኣለዎ። ምኽንያቱ ህዝቢ ክመሃረሉን ብዛዕባ ጉዳይ ሃገሩ ድማ ክፈልጥን ናጻ ኮይኑ ክሳተፎን ኣለዎ። እተን ዝርካበን ኣብያተ-ጽሕፈት ዝኸፈታ ማሕበረ-ኮማት ኤርትራዊያን ድማ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚ ሓደ ኮሚቴ ብምቛም ንኣድማዕነቱ ክነጥፋ ይግባእ። **ኣስተውዕሉ!** ከመሓላልፎ ዝደሊ ዘለኹ መልእኽቲ፡ እቲ ፌስቲቫላት ንኹሉ ኤርትራዊ፡ ፖለቲካዊ መርገጹ ብዘየገድስ ዝምልከት ኢዩ። እታ ሃገር ክትህሉ ህዝቢ ክህሉ ከሎ ጥራይ ኢዩ፡ ክፋል ናይ ሓደ ህዝቢ ስለዝሓዝካ ሃገር ሒዝካ ማለት ኣይኮነን። ስለዚ እታ ሃገር ትሃሉ መጀመሪያ፡ ባህሊ ድማ ክህሉ ኢዩ፡ ኤርትራዊ ድማ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ኤርትራዊ ምኳኑ ክቕጽል ይኽእል።

ዓወት ንሓፋሽ!
ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!
ዓመት ሰላም፡ ራህዋን ቅሳነትን ይግበረና!

**ዮውሃንስ ጸጋይ (ሎንዶን)**
30/12/2010